b
UNIVERSITÄT
BERN
Universitätsbibliothek Bern

ቤተ መጻሕፍቲ ዩኒቨርሲቲ በርን ብህዝቢ ተበጻሒ ዝኾነ ሳይንሳዊ ቤተ መጻሕፍቲ ኮይኑ ንኹሉ ግዱስ ሰብ ክፉት እዩ።

መጽሓፍ ምልቃሕ፡- መጽሓፍ ምልቃሕ ብነጻ እዩ። ነዚ ድማ ናይ ቤተ-መጻሕፍቲ ካርድ የድልየኩም። ንዩኒቨርሲቲ በርን ካብ ካልእ ቤተ መጻሕፍቲ መጽሓፍቲ እንተኣዘዝኩም ወጻኢታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ካብ ዩኒቨርሲቲ በርን ግን እንተወሓደ ንኣርባዕተ ሰሙን መጽሓፍ ክትልቕሑ ትኽእሉ ኢኹም። እቶም መጻሕፍቲ ክትመልስሉ ዘለኩም ግዜ እንተድኣ ኣኺሉ ናይ መዘኻኸሪ ኢመይል ክመጸኩም እዩ።

ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ካርድ፡- ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ካርድ ብነጻ እዩ። ነዚ ክህልወኩም መንነት መረጋገጽን (ታሴራ) ቅኑዕ ኢመይል ኣድራሻን የድልየኩም። ኣድራሻ ኣብ ስዊዘርላንድ (ካምፕ እውን) ይከኣል እዩ። ናይ ስደተኛ ኩነታት ዘለዎም ሰባት ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ካርድ እውን ክህልዎም ነፍቅድ ኢና። ናይ ቤተ-መጻሕፍቲ ካርድ ንምርካብ፡ መጀመርታ Switch-edu ID ክተዳልዉ ኣለኩም (ምዝገባ ብቛንቛ ጀርመን፡ እንግሊዝን ፈረንሳን ይከኣል)። ናይዚ መምርሒ ብቛንቛ ጀርመንን እንግሊዝኛን ኣብዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ብኢ-መይል መረጋገጺ ምስ በጽሓኩም፡ ብኣካል ናብ ቤተ-መጻሕፍቲ ብምኻድ ናይ ቤተ-መጻሕፍቲ ካርድኩም ክትወሃቡ ትኽእሉ። ክትመጹ ከለኩም ግን ናይ መንነት መረጋገጺን (ታሴራ) ናይ ኢመይል መረጋገጺን ሒዝኩም ምጹ።

መጻሕፍቲ፡- ዩኒቨርሲቲ በርን ብ ቃንቃ ዓረብ፡ ጀርመን፡ ቦስንያ/ክሮኤሽያ/ሰርብያ፡ ቡልጋርያ፡ እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ጣልያን፡ መቄዶንያ፡ ፋርሳኛ፡ ፖርቱጋል፡ስሎቫኛ፡ስጳኛ፡ ሩስያ፡ቼክኛ፡ቱርኪ፡ ኡንጋሪ፡ዩክሬንን ኡርዱን ካልኦት ቋንቋታት መጻሕፍቲ ኣለዎ።

ዝርከብ ቦታ: ኣብዚ ኣብ ቤተ መጻሕፍቲ ዩኒቨርሲቲ በርን ንኽተንብቡን ክትመሃሩን እትኽእሉ ቦታታት ውን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ጋዜጣታት/መጽሔታት ምንባብ፡- ብናይ ቤተ-መጻሕፍቲ ካርድ፡ ኣብ ቤተ-መጻሕፍቲ ዩኒቨርሲቲ በርን ኣብ ዝርከባ ህዝባዊ ኮምፒዩተራት (መደበራት መጽናዕቲ) ካብ ልዕሊ 100 ሃገራት ዝመጻ ልዕሊ 6,000 ኣህጉራውያን ጋዜጣታትን መጽሔታትን ብኣስታት 60 ቋንቋታት ከተንብብ ትኽእል።

ሓገዝን ሓበሬታን፡- ብዙሕ ቋንቋታት ንዛረብ ኢና፡ ክንሕግዘኩም ድማ ሕጉሳት ኢና። ስልኪ ቁጽሪ : +41 31 684 92 11 ወይ ብኢመይል bibliothek@unibe.ch። ኣብ ቴሌፎን ዘለዉ ሰራሕተኛታትና ጀርመን፡ እንግሊዝን ፈረንሳን ይዛረቡ። ብኻልእ ቋንቋ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ ብኢመይል ስደዱልና ክንምለሰኩም ኢና።